## ሰላምዊ ሰልፊ ስትራስቦርግ 24 ጥቅምቲ
## ምስ ውሳኔ ህ.ግ.ደፍ 7 ታሕሳስ 2005 ይሳነ ዶ ?
### ቀዳማይ ክፋል

ብዕለት 24 ጥቅምቲ ኣብ መበል 60 ዓመት መስራቲ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፥ ካብ ሙሉእ ኤውሮጳ ዝተንሳንሰ ኣባላት ህዝባዊ ማሕበራት ህ.ግ.ደ.ፍን ውልቀ ሰባትን፥ ደገፍቲ መንግስትን ናይ ሰላም ጥርዓን ከቅርቡ ብዝተፈላለየ መጓዕዚታት ንሃገር ፈረንሳ በጺሖም።

በቲ መራኸቢ ዜና ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ዝተፈልጠ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ንላዕሊ ህዝቢ ዝተሳተፎ ሰላማዊ ሰልፊ ስትራስቦርግ፥ ኢትዮጵያ ንውሳኔ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክትቅበልን፥ ዶብት ድማ ክምልከት፥ በቲ እግባይ ዘይብሉ ውዕል ክልተ ሃገራት ብሰላም ክፍጸም ክብሉ እቶም ሰልፈኛታት ንባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ገሊጾም።

ሰልፈኛታት፥ ነዚ ናይ ሰላምን ዕርቅን መንገዲ'ዩ ቢሎም ዝኣመንሉ፥ ዓ በይቲ ስርሖም ገዲፎም፥ መንእሰያት ድማ ትምህርቶም ገዲፎም፥ ንሰልስተ መዓልቲ ብመካይንን ኣውቶቡሳት ተጓዒዞም ኣብ'ቲ ቦታ ዝበጽሑ እዮም ነቢሮም። እቶም ዝነውሐ ዝተጓዕዙ ካብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ዝኸዱ'ዮም።

ኣብ ባይቶ ሕቡራት ኤውሮጳ ጉዳይ ዝምልከቶም ነቲ ብኤርትራውያን ዝቀረበ ናይ ጥርዓን ሰልፊ ተቐቢሎም። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ብዝከኣሎም ጸቕጢ ክገብሩን፥ ናብ'ቲ ብይን ቤት ፍርዲ ንምትግባሩ ክጽዕሩ ምዃኖም ነቲ ሰልፈኛ መልሲ ሂቦምን ኣብርሆምሉን፥ ብኡ ድማ ተፋንዮም።

እቲ ኣብ'ቲ ሰልፊ ዝወዓለ ኤርትራዊ በቲ ዝገበሮ ዕግበት ተሰሚዕዎ፥ ከም ሓደ ዓብይ ታሪኻዊ ተርኽቦ'ውን መዝጊብዎ ኣሎ።

እዚ ኩሉ ክግበር እንከሎ፥ ህዝቢ ስርሑ፥ ትምህርቱ፥ ደቁ ጠንጢኑ፥ ንልዕሊ ሰለስተ መዓልቲ ዝፈጸሞ ጉዕዞ ወጻኢታቱ ሙሉእ ብሙሉእ ባዕሉ ከኢሉ'ዩ። እቲ ሕቶ ግን ሕቶ ገንዘብ ኣይኮነን። ነቲ ድኻምን ወጻኢ ዝተኸፍለ ንምሕባር እንተዘይኮይኑ።

ኣብ'ዚ ጉዕዞ ሰላም ድኻም ክህሉ ከኣ ግድነት እዩ። ግን እቲ ዝዓብየ ሕቶ፥ ህ.ግ.ደ.ፍ ይትረፍስ ምስ'ቲ ተቃዋሚ ሓይልታት፥ ነቲ ህዝበይ ዝብሎ፥ ብቀረባ ብንብረት ደኹን ብገንዘብ ብኩሉ መዳያት ዝተሓጋገዞ ህዝቢ፥ ንዝሰርሖ ስርሓትን፥ ንዝፍጽሞ ተልእኾ ብሓቂ ዶ የኽብሮን ይሰምዖን እዩ ዝብል'ዩ ? ብሓቂ ድማ የኽብሮምን ይሰምዖምን ድዩ ?

ነዚ ሕቶ በብተሞክሮታትና ክንምልሶ ኻኽእል'ኳ እንተኾና፥ ሎሚ ህ.ግ.ደ.ፍ ወታሃደራት ንዓቓቢ ሰላም ሕቡራት መንግስታት፥ ብፍላይ ድማ ንእቶም ካብ ምዕራብ ሃገራት ዘለዋ፥ መንግስታት ንዝተላእኹ ወተሃደራት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልቲ ካብ ኤርትራ ክወጹ ውሳኔ ኣሕሊፉ ዝብል ጋጤታት ናይ ትማሊ ዕለት 8 ታሕሳስ 2005 ወጺኡ ይርከብ ።

ህዝቢ ተጓሳጊሱ ንሰላም ጥርዓናት እንዳቕረበ፥ መንግስቲ ነቲ ዓቃቢ ሰላም ካብ ኤርትራ ክወጽእ ውሳኔ ምሕላፉ፥ ነቲ ህዝቢ ዝገበሮ ስርሓት

ምኽሓድን፡ ጸረ መንፈስ ናይ'ቲ ንመንግስቲ ዝደገፈ ሰላምዊ ሰልፊ ህዝቢ እዩ።

ኣብ'ዚ ኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮኑስ ዓለም ሙሉእ ዝፈለጦ ጉዳይ ውሳኔ ዶባት ካብ ትግባረ ጠጠዉ ቢሉ ምህላዉን፡ ግን ከኣ ሓንቲ ትንፋስ'ውን ቶኹን ንምድሓን፡ ኤርትራዊ ክኸዶ ዘለዎ ጉዕዞ ሰላም ሓጺር ከም ዘይኮነ ምፍላጥ የድሊ እዩ።

ኵናት ጥፍኣት ንስለ ዝኾነ፡ መሪር ስለ ዝኾነ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክድምደም ጸዋዒት ዘይቕረበ የልቦን። ደምበ ተቓዋሚ ሓይሊ'ውን እዚ ጉዳይ ንስለ ዝብጽሖን ብሕጋዊ መንገዲ፡ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ብዝሃቦ ብይን ቅይዱ ክኸውን ኣብ ቻርተሩ ኣስፊሩ እዩ።

ሎሚ ድማ ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላልየ መድረካት፡ ዝተፈጸመ፡ ነቶም ተመሊስና ክዓርቁና፡ ክዳንዩና፡ ክረድኡና ንሓቶም ካብ መሬት ክወጹ ብህ.ግ.ደ.ፍ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ፡ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሕማቕ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ዲፕሎማሲያዊ ርክብን መመሊሱ ናብ ዝኸፈአ ደረጃ ዘሰጋግር'ምበር ዘመሓይሽ ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ ክጽሞሞ ዘለዎ ጉዳይ ኣለዎ፡ ክጽመሞ ዘይብሉ ጉዳይ ከኣ ኣለዎ። ነቲ ክጽመመሉ ዘይካኣለ ግን ሓደ ብናይ ዲፕሎማስያዊ ምብትታኽን፡ ብኵናትን ክፈትሖ ዘይብሉ እዩ። ኣብ'ዚ ክልተ መዳያት ከኣ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእለሉ ኣገባብን ብልሓትን ፈጺሙ የልቦን።

ሊብያ በቲ ገገለ ዘይፍትሓዊ እገዳን፡ ገገለ ድማ ብዊንታ መራሒ ሃገር ሙኣመር ቓዛፊ፡ ምስ ዓለም ኣብ ብዙሕ ምትህልላኽን፡ ናይ ዲፕሎማስያ ምቁራጽን በጺሑ።

ይኹን'ምበር ሊብያ ምስ'ቲ ዘለዋ ሃብቲ ካብ ዓለም ተነጺላ በቲ ሒዛቶ ዝነበረት መንገዲ ክትቅጽል ከም ዘየዋጽኣ ብምፍላጥ ነቲ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ብምቕያር ነቲ ጠለብ ሕቡራት ሃገራትን ብፍላይ ድማ ጠለብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብምቕባል፡ ብቀዳምነት እቲ እገዳ ክለዓል ተገይሩ ቀጺሉ ድማ ነቲ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ናብ ንቡር ክምለስ ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ንምእንቲ ሰላም ዝኽፈል ወላ'ውን ዘይፍታሓዊ ከም ፍትሓዊ፡ ዘይሕጋዊ ከም ሕጋዊ ተግባራት ተደሚሩን፡ ነቲ መንጎ መንግስቲ ሊብያ ዝውስኖ ኣብ ተግባር ንምውዓሉ ዘይከኣልን ኣብ ገገሊኡ ድማ ዘይሕጋዊ ቢሎም ዝሙጉቱ ትካላትን መንግስታትን ዝሓለፈ፡ ኣብ ልዕሊ ሊቢያ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣሎ።

መንግስቲ ሊቢያ ቅኑዕ'ሉ ኣሚኑ ድዩ ኣይኣሚኑ፡ በቲ ሕጂ ወስድዎ ዘሎ መንገዲ ክኸይድ ምፍታኑ፡ መሓዙት ኣጥርዩ፡ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ሸነኽ ንብሙሉእ ድሌቱ'ኳ እንተዘይተባህለ ገገለ ዓወት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

ኤርትራ ድማ ነዚ ኣጋጢምዋ ዘሎ ሽግራት፡ ኣብ ቃልሲ ሜዳ ዲፕሎማሲ ክሕይል ካብ ዘለዎ፡ ኣፍደግ ኩሉ ንፍትሒ ሕጋዊ መስርሕን'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ብዘይ ዲፕሎማሲያዊ ስርሓት ክፍጸምን ክሰልጥን ዝኽእል ነገር ድማ የልቦን።

*መደምደታ*

ህ.ግ.ደ.ፍ ኣይዓመት ኣይመንፈቕ ንሰላምዊ ሰልፊ ስትራስቦርግ ሓፋሽ ውድባቱን ማሕበራቱን ውልቀ ሃገራውያንን፣ ሕቘኡ ሂብዎ ኣብ ካልእ ደረጃ ውሳኔ በጺሑ ኣሎ። እዚ ድማ ምስ መንፈስ እቲ ሰላምዊ ሰልፊ ብመራኸቢ ብዙሓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክቃላሕ ዝጸንሐ ከም ዘይኮነ ኣረጋጊጹ እዩ።

ዓቃቢ ሰላም 25 ኪ.ሜ ኣብ ዞባ ጸጥታ ኣብ መሬት ኤርትራ ንልዕሊ ሰለተ ዓመት ምጽንሑ፣ ንኩሉ ዘተሓሳስብ'ኳ እንተኾነ ንምእንቲ ሰላም ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ ስለ ዝኾነ ጭራ ወይ ጫፍ'ቲ ተስፋ ሰላም ሒዝካ ብዘይተሰፉ ምቁራጽ ጉዕዞ ምቅጻል'ዩ።

ዓቃቢ ሰላም ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሕጉስን፣ በቲ ሓደ ድማ ዘሕዝን ፍጻሜታት ፈጺሙ ኾይኖው ይኽእል። እዚ ማለት ሕጋውን ዘይሕጋውን ስራሓት ዕማማት ፈጺሙ ክኸውን ይኽእል። ግን እቲ ብውዕልን ስምምዕን ዝተበጽሐ፣ ኣደራዕ ናቱ ብምዃኑ ካብ መስመርካ ከይተኣለኻ፣ ብምክትታል በቲ ናይ ዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ምቅላሱ እዩ።

ንዓቅብ ሰላም ካብ ኤርትራ ውጹ ምባል፣ እቲ ኩሉ ጌጋታት ናይ ዕቃብ ሰላም ምንባሩ ዘብርህን፣ ንኤርትራን ህዝባን ዝሕግዝን ኣይኮነን። ኣብ ፖለቲካ ዘይፍትሓዊ ጉዳያት ምህላው ምፍላጥን፣ ነቲ ዝወሓደ ክስራት ከም ምርጫ ብምውሳድ'ዩ ዓወት ዘቁጽር። ዓወት ሚእቲ ብሚእቲ ዝበሃል የልቦን።

ኣብ'ዚ ዝተሓላለኸ ዓለም ሓቂ ካብ ጽንጽያ ዓጽሚ ምውጻእ እዩ። ነዚ ድማ ሓደ ዓብይ ጥበብን ክእለትን ዘድልዮ'ዩ። ዓጽሚ ከይረኽብካሉ'ውን ዓጽሚ ካብ ጽንጽያ ረኺበ'ልካ መኽሰባትካ ምክልኻል'ዩ።

ሰላም ንኩሉ ይኹን
10 ታሕሳስ 2005
ኣንቶንዮ ተስፋይ